# <u>መንነት</u>

መንነት  ኣይጭበጥን ረቂቕ'ዩ ብልሓቱ
ኣይቅልጽም ኣይሃብቲ  ውሽጢ'ዩ መሰረቱ
ገለ ግዜ ምሳኻ ይፍጠር ብጊሓቱ
ገለ ይውረስ ካብ ሃንደስቱ።

መንነት ብሕማቕ ብጽቡቕ መን ኢኻ ሓባሪ
ኣተሓሳስባኻ ሰፊሕ እንተኾይኑ ከም ባሕሪ
ትሕትና እንተለካ ህዝባዊ ባህሪ
ኣብ ህዝብኻ ትኸብር ትኸውን ኣማሓዳሪ።

መንነት፡ ሓሳብ'ዩ ከም ሃይማኖታዊ እምነት
መን ምኧንካ ትምዘነሉ ናይ ህይወት መሰረት
ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባኻ ኣብ ማዕርነት
ፍትሓዊ እንተኾይንካ ደላዪ ሓርነት
ጉዕዞኻ ሰላም'ዩ ናይ ጽቡቕ ኣብነት።

እንተኾይንካ በዓል ዕላማ በዓል መትከል
ዋላ ተቖርቀር  ብጻሕ ኣብቲ ገምገም ገደል
ኣብ ከበባ'ውን እቶ ተገፋዕ ተበደል
ትሕርን ትስውድ 'ምበር መዓስ ትወላወል።

እንተ ወኒንካ'ወ ናትካ ኣረኣእያ
ትብዓት ወሲኽካ ኣብ ባይታ እንተተግቢርካያ
ንመቑሕ ምውልዋል ተጸባይነት በቲኽካያ
ኣያ ነብሱ ኢኻ ኣይትደልን  ኣያ
ንሱ'ዩ መግለጺ መንነት ናይ ሕልና መሃያ።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 31-01-2018